# ትንታነ ንኣጀንዳ ወጻኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ

ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ካብ'ቲ ዘመናዊት ኢትዮጵያ ኣብ ሜፈስታ 19 ክፍለ-ዘመን መጀመርታ 20 ክፍለ-ዘመን ብምንሊክ ካልኣይ ዝተማስተትሉ እዋን ጀሚሩ ክሳብ'ዚ ሕጂ ዘሎ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃይለማርያም ደሳለኝ ኣብ ስልጣን ዝተወራረሱ ስርዓታት ኢትዮጵያ እንኮላይ ሃጻይ ሃይለ ስላሰ፡ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያምን ማለስ ዜናወን ታሪኻዊ ኣተኩሮ ብምግባር ጥራይ እዚ ዝስዕብ ናይ ሓባር ረቛሒ ከምዝለዎም ንምርዳእ ዘጸግም ኣይኮነን።

1- ብወሽጣዊ መዳይ ነጻሊ፡ ዓማጽን ገባቲ ስልጣንን ምስፋን።

2- ብዋጋ ጎረባብቲ ሃገራት ኣስፋሕፋሒ ፖሊሲ ምኽታል።

3- ብወሽጣዊ መዳይ ጨፍላቒ ስልጣኖም ንምውሓስ፡ ኣስፋሕፋሒ ፖሊስታቶም ንምትግባር ድማ ኣህጉራዊ ሓይሊ ምጥቃምን ብዋጋ ረብሓታትን ማሳላትን ህዝብታትን ሃገራትን ዘባ ናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ንምትግባር ምስ ኣህጉራወያን ሓይልታት ምምሕዛው እዩ።

ሞንታዊ ዝምድና ናይ'ዚ ዝተጠቐሰ ሰለስተ ጉዳያት፡ ዘይነጻጸል'ኳ እንተኾነ፡ ከሉ ግዜ ግን ናይ ግድን ብሜዕረን ትኽ ኢሉን ዝኸይድ ኣይኮነን።

እዚ ወረቐት'ዚ ናይ ሓደ ምሉእ ዘመን ዝነበረ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ዝድህስስ ዘይኮነስ፡ ድሕሪ'ቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ብግልጺ ስርዓት ኤርትራ ንምቅያር ብምእዋጅ ብዶብ ኣመኽንዩ ኣብ 1998 ኣንጻር ኤርትራ ዘካየዶ ወግእ ዝዘርግሖ እስትራተጂያዊ ወረቐት ዝትንትን ክኸውን እዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ብዘይካ'ዚ ኣንጻር ኤርትራ ዘካየዶ ወግእ፡ ኤርትራ ንምድኻም ካብ ዝብል ሕሱር ዕላማ ተበጊሱ ንዝጠፈሹ ጉጅለታት ኤርትራ ብኩሉ ኣገባባት ክሕግዝ ይርከብ።

ንናይ ኢትዮጵያ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ እንገብሮ ትንታነ ካብ መጀመርታ ዘይኮነስ፡ ካብዚ ሜፈስታ እዋን ክሳብ'ዚ ወረቐት'ዚ ዘዳለናሉ ግዜ'ዩ ክኸውን። ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ሉኣላዊ ሜሬት ኤርትራ ጎቢጡ እናሃለወ ብናይ ወጻኢ

ሓይሊ ተደፊኡ ንኣህጉራዊ ሕግታት ብምግሃስ ካብ ህወሓት ሕሳባትን ንኤርትራዊ ክወንነት ካብ ዘይምርዳእን ተበጊሱ ከም ብሓድሽ ኣንጻር ኤርትራ ኩናት ንምውላዕ ነጋሪት ኣብ ምድሳቕ ይርከብ ኣሎ። ርሑቕ ከይከድና፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ወሑድ ሰሙናት ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ናብ ገደል ገጽካ ምህዳም ብዝመስል ኣገባብ ኣንጻር ኤርትራ ፈኸራታት ኣብ ምንዛሕ ይርከቡ።

1- ኣብ 9 ነሓሰ 2014፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ሃይለማርያም ደሳለኝ ምስታ ካብ ዋሽንግቶን እትፍኖ ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ መኣርሒት ምኻና እትፍለጥ ሬድዮ "ጽንዓት" ኣብ ዝገበሮ ቃለ-ማሕተት "ናይ ኣይሰላም ኣይኩናት ግዜ ኣብቂዑ'ዩ፡ ኢትዮጵያ ኣንጻር ኤርትራ ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል'ያ" ክብል ፈኪሩ። እቲ ዘገርም ድማ ስርዓት ኢትዮጵያ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጡ፡ ንነበርቱ ኣባሪሩ፡ ንትግባረ ወሳኒ ኮምሽን ዶብ ካብ ዝነጽግ 12 ዓመታት ኣቑጺሩ ምህላዉ እዩ። ከምዚ ክገብር ዘተባብዖ ከኣ ባይቶ ጸጥታ ብሜሕነት ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ ጎኑ ብምዃኖም እዩ። ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ናይ ኣይኩናት ኣይሰላም ሃዋህው ከም ዝናዋሕ እናገበረ እንከሎ ከኣ፡ "ኣይኩናት ኣይሰላም ሃዋህው" ከም ዘብቅዐን ኣንጻር ኤርትራ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑን ክፍክር ይስማዕ ኣሎ።

2- ኣብ ነሓሰ 2014 ድማ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ቴድሮስ ኣድሓኖም ምስ ኣምባሳደራት ኢትዮጵያ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ ዘካየዶ ኣኼብ፡ ነቲ ተኸታቲሉ ስርዓታት ኢትዮጵያ ሰላም፡ ርግኣትን ቅሳነትን ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ምዝራግን ኣንጻረን ወተሃደራዊ ምትእትታው ኣብ ምፍጻምን ዘካይድዎ እከይ ተግባራት ንምሽፋን "ኤርትራ ንርግኣት ዞባና እትህወኽ ዘላ ሃገር'ያ" ክብል ሕሱር ጸለመ ነዚሑ። እቲ ጉዳይ በዚ ጥራይ ዝተወሰነ ዘይኮነስ፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣንጻር ሶማልን ኤርትራን ካብ መጀመርታ ሰሳታት ጀሚሮም ክሳብ 1998 ናይ ወክልና ኩናት ኣካይዶም እዮም። ከምኡ'ውን ብ2006 ንናይ ኣሜሪካ ኣጀንዳ ንምትግባርን ኣስፋሕግሒ ባህጊታቱ ንምርዋይን ንሶማል ብምውራር ተቖጻጺሩዋ።

3- ናይ ፈረንሳ መጽሄት "እንድያን ኦሽያን ኒወስ ሌተር" ኣብ ናይ 5 መስከረም 2014 ሕታማ፡ ሓለቃ ስታፍ ሓይልታት ኢትዮጵያ ጀነራል መሓመድ ኑር የሱፍ "ሳሞራ" ኣብ'ቲ ካብ 9-11 ነሓሰ ኣብ ሳሜራ ኢትዮጵያ ንሃሱሳትን ተንበርከኽቲን እስላማውያንን ወገናውያንን መኣርሒ ወያነንን ዝኾኑ ጉጅለታት ኤርትራ ንፖለቲካዊ ኣጀንዳኡን ወተሃደራዊ ዕንደራኡን ንምትግባር ከግልገለሉም ምእንቲ ኣኼባ ኣብ ምካያድ ወሳኒ ተራ ከምዘተጻወተ ኣቃሊዓ። እዞም ከም ኣሜባ ብቀጻሊ ዝራብሑን ነንሓድሕዶም ዝበላልዑ ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ምድርባይ ጥራይ'ዩ ዝጽበዮም ዘሎ። ንሳቶም ንታሪኻዊ መስርሕ ኤርትራ ከዕንቅፉ ዓቕሚ የብሎምን። ብዕድል ህዝቢ ኤርትራ ምጽዋት ከም ዘይክኣል ድማ ንሳቶምን ጎይቶቶምን ክፈልጡ ኣለዎም።

እዚ ዝተጠቕሰ ሰለስተ ሞገጺ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ፍሉይ ፍጻመ ወይ ሞገጺ ዘይኮነስ፡ ነቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ'ቲ ብናይ ዶብ ምስምስ ካብ 1998 ክሳብ 2000 ኣንጻር ኤርትራ ዘካየዶ ኩናት "መቆሚታት ሰላምን ጸጥታን ኢትዮጵያ ድሕሪ ኩናት" ብዝብል ኣርእስቲ ዝገለጾን ብ7 ሰነ 2000 ጋዜጣ "ሪፖርተር" ዘቃልዖን እስትራተጂ ኢትዮጵያ ጽቡቅ ገይሩ ዘንጸባርቕ እዩ።

ኢትዮጵያ ኣብ'ቲ ዝዘርግሓቶ ሰነድ ኤርትራ ኣብ 1998 ከም ዝወረረታን ከም ዞባዊ ሓይሊ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ምብራቕ ኣፍሪቃን ዓበይቲ ቀላያትን ሰላም ንምስፋን ዓቕሚ ከምዘለዋ እያ ትገልጽ። ኣስዒባ ድማ መንግስቲ ሱዳን ሰላም ስርዓት ኢትዮጵያ ንምዝራግ ይሰርሕ ከምዝሎ ትሕብር። ዞባዊ ምትእኽኻብ ቅቡል ክኸውን እንተ ደኣ ኮይኑ ደሞክራስያዊ ባህሪ ክህልዎ ከምዝደሊ ብምምልካት ድማ፡ ጂቡቲ ኣብ ናይ ወጻኢ ዝምድናታታ ብዘይካ ኢትዮጵያ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይብላ ትገልጽ። ሶማል እንተ ኮይና ድማ ብኣረኣእያ ኢትዮጵያ ማእከላይ መንግስቲ ከተቕውም ኣይትኽእልን እያ። ፖለቲካዊ ቀዳምነታት ኢትዮጵያ ንሶማል ምምቃል እዩ። ኬንያ ብወገና ስደተኛታት ናብኣ ብምውሓዞም ተጠቂማ እያ። ብዘይካ'ዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንመንስቲ ግብጺ ማይ ፈለግ ኒል ናይ ምግባት ባህሪ ከምዘለዎ፡ ኣብ መጻኢ ከም ቀዳማይ ጸላኢኡ ከምዝርእዮን ጸጥታ ኢትዮጵያ ንምዝራግ ድሕር ከምዘይብልን ብምጥቃስ፡ ብሰንኪ ማይ ፈለግ ኒል ንኢትዮጵያ

ንምድኻም ከምዝሰርሕን የረድእ። ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ሰነድ ኢትዮጵያ ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ዘወሕሰለን ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሰለት ሓያል ሃገር ከምዝድልየን ደማ ተገሊጹ ኣሎ። ስለዚ ብመጀመርታ ነቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ጂቡቲ፡ ሶማል፡ ኬንያ፡ ዓበይቲ ቀላያትን ምስሪን ዝኽተሎ ፖሊሲ ዘብርህ ኣብ ፖለቲካዊ ሰነዱ ሰፊሩ ዘሎ ትሕዝቶ ድሕሪ ምቅራብና፡ ንሃገራ ኤርትራ ብዝምልከት ኣስፊሩዎ ዘሎ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ጌጋታት ከነቃልዕ ኢና።

## ትሕዝቶ ፖለቲካዊ ሰነድ ኢትዮጵያ

1- ኤርትራ ንኢትዮጵያ ምስ ወረረት ሰራዊት ኢትዮጵያን መራሕቱን ዘርኣይዎ ቅያ ዝኾነ ጀነራል ኣብ ዓለም ክፍጽሞ ዘይክእል እዩ። እቲ ከፍት መሪሕነት ኤርትራ ንምሕብላል ካብ ዘለዎ ባህጊን ናይ ወጻኢ ሃገራት ብመጻዲ ኤርትራ ሰላም ኢትዮጵያ ንምዝራግ ካብ ዘለወን ኣጀንዳን ብምብጋስ ዝተወልዐ እዩ።

2- ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ይኹን ወይ ካብ ዝተወሃሃደ ተጻብኦ ምስሪን ኤርትራን ሓደጋ ከይወርዳ ኩሉ ግዜ ድልውቲን ጥንቅቕቲን ክትከውን ኣለዋ።

3- ኢትዮጵያ ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋን ልዑል ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓይሊ እትውንን ከም ምኳና መጠን ሰላም ዞባና ንምውሓስ ሓላፍነት ኣለዋ። ሱዳን ብወሽጣዊ ሽግራት ትሳቐ ካብ ሃለወት ካልኦት ዝተረፉ ሃገራት ደማ ንኣሽቱን ጸጥታኦን ዘየወሕሰን እየን። ስለዚ ሃገራት ዞባና ኣብ ወሽጢ ሰላም ዝሰፈኖ ሃዋሁው ተራኦን ንኽጻወታ ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሰለት ንረብሓ ናይተን ንኣሽቱ ሃገራት ኣብ ግምት ዘእቱ ፖሊሲ እትኽተል ዓባይ ሃገር የድልየን ኣሎ። እዘን ንኣሽቱ ሃገራት እዚኣተን ዞባዊ ጸጥታ እንተ ድኣ ዘይረኺበን ካብ ዞባ ወጻኢ ዝሕልወን ሓይሊ ከናድያ ክግደዳ እየን። ስለዚ ከኣ ኢትዮጵያ ብዘለዋ ወተሃደራዊ ዓብላልነት ነዚ ተራ'ዚ ክትጻወት ሓላፍነት ኣለዋ።

4- ኢትዮጵያ እትኽተሎ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ንሰላምን ጸጥታን ዞባናን ዓበይቲ ቀላያትን ዝቀንዐ ኣጀንዳኣ ንህልዊ ጸገማት ኣፍሪቃ ኣብ

ምፍታሕ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ከተዕግቦ ኣለዋ። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብዘለዋ ቅርበት ከኣ ማ ዞባና ንምትእስሳሩ ክትግደስ ይግባእ። ከምኡ'ውን ኢትዮጵያ ነቲ ብቅርሕንቲ ዝተገዝአ ንሰላም ኢትዮጵያ ኣሻቃሊ ዝኾነን ሜገጺ ምስሪ ፍሉይ ኣቓልቦ ክትገብረሉ ኣለዋ።

## ዝርዝር ሰነድ ኢትዮጵያ

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ ኣቕሪቡዎ ዘሎ ሰነድ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ጂቡቲ፡ ሶማል፡ ኬንያ፡ ዓበይቲ ቀላያትን ምስሪን ዝኽተሎ ፖሊሲ ብዝርዝር ብኸምዚ ዝስዕብ ኣቕሪቡዎ ኣሎ።

**ቀዳማይ፦ ኤርትራ**

1-ጠንቂ ናይዚ ንኢትዮጵያ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ዘወረደላ ግጭት ውተሃደራዊ ጥሜሕን ዕብለላን ናይዚ ዘሎ መሪሕነት ኤርትራ ዘበገሶ እዩ። እዚ ድማ ክቅጽል ዘይብሉ እዩ። ኤርትራ እንደገና ንሰላምን ርግኣትን ኢትዮጵያን ዞባናን ስግኣት እትፈጥር ክትከውን የብላን።

2-ሰራዊት ኤርትራ ድማ ብብዝሐን ዕጥቂ ዓበይቲ ኣጽዋራትን ኣዝዩ ክጎድል ኣለዎ። ኣብ መጻኢ ምፅሩይ ዘይኮነ ሰራዊት ምህናጽ ከምዝይፍቐድን ተጻብኦ ከም ዝቑጸርን ድማ ኣስሚሩ ጽቡቕ ገይሩ ክትፈልጦ ኣለዋ።

3-ህላወ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብናይ ደገ ሓይልታት ዝሕገዝ ኣስጋኢ ሓይሊ እዩ።

4-ፖለቲካዊ ዕላማ ኢትዮጵያ መሬት እናጎበጥካ ምስፍሕፋሕ ዘይኮነስ ደሞክራሲ ምስፋን እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ነዚ ዕላማ'ዚ ምርግጋጽ ድማ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ ብዙሕ ምርጫታት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። ሓደ ካብኡን ዝመችአን ድማ ንኤርትራ ብመስረት ብሄራት ምጉዛይ እዩ። ንኣሃዳዊ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝቓወማ ብርክት ዝበላ ብሄራት'ውን ኣለዋ። በዚ መሰረት ከኣ ከም ኩናማ ዓፋርን ጉጅለታት መታሕትን ርእሰ ምምሕዳር ክህልዎም ይደግፉ እዮም።

5-ወደብ ዓሰብ ግድን ፍሉይ ኣቓልቦ ክወሃቦ ኣለዎ። ኢትዮጵያ ንናጽነት ኤርትራ ክትቅበሎ ከላ፡ ከም ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር፡ ናብ ባሕሪ ንምብጻሕ ክትክልከል ኣይትኽእልን እያ ዝብል እምነት ስለዝነበራ እዩ። ስለዚ ከኣ 62 ሚልዮን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብማሕረት ኣህጉራዊ ስምምዕ ብዘይ ቀይዲ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ናይ ምርካብ ማሕለም ሕሉው ክኸውን ከምዘለዎ እዚ ናይ ሚኒስታ ወግእ ኣብሪሁዎ እዩ። ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ንብሄረ ዓፋር ርእሰ ምምሕዳር እንተ ድኣ ተዋሂቡዎም ድማ እዚ ጉዳይ'ዚ ቀሊል ክኸውን ይኽእል እዩ።

6-ኢትዮጵያ ኣብ ዞባና ኣብ ምውሓስ ሰላምን ጸጥታን እስትራተጂያዊ ምሓዛ ክትከውን ብቕዓት ኣለዋ። ስለዚ ምስ ሓንቲ 10 ዓመት ዝዕድሜኡ ሓላፍነት ከም ዘይብላን እትግለጽ ኤርትራ ብሚዕረ ክትርአ የብላን።

**ካልኣይ፡- ሱዳን**

1-ሰላም ኢትዮጵያ ንምዝራግ ስርዓት ኻርቱም ዝተኸተሎ ፖሊሲ ኣቐዲሙ ንኢትዮጵያ ኣጉህዩ እዩ። ይኹን'ምበር ብውተሃደራውን ዲፕሎማስያውን ማዓዲ ሚኒታቶ። ሱዳን ኣብ ምትእኽኻብ ሃገራት ዞባና ቅብልቲ ኣባል ክትከውን እንተ ድኣ ኮይና፡ እዚ ሕጂ ከም ኤርትራ ዝመሳሰል ኩነታቱ ተለዊጡ ደሞክራስያዊ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ድማ ናይ ግድን ርእሰ ውሳነ ደቡብ ሱዳን ምቕባል ክሓትት እዩ። ኣብ ሰሜን'ውን ደሞክራሲ ክህሉ ኣለዎ። ናይ ሓደ ጉጅለ ውተሃደራዊ ዕብለላ ድማ ከብቅዕ ይግባእ። ደቡብ ማሕል ርእሰ ውሳነኡ ተዋሒሱ ከፍት ሓድሕድ ኣብቂዑ ልፍንታዊ መንግስቲ ክቐውምን ኣብ ኻርቱም መንግስቲ ሃገራዊ ስምምዕ ክምስርትን ኣለዎ።

2-ህልዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሱዳን ንማሕርሕ ደሞክራሲ ዕድል ዝህብ እዩ። ኢትዮጵያ ድማ ንሽግር ደቡብ ኣብ ክሊ ሓንቲ ሱዳን ንምፍታሕ ንዝብል ፖሊሲን ምክያድ ረፈረንደምን ግድን ክትሕግዝ ኣለዋ። መንግስቲ ኻርቱም ድማ ስሓቢ ፕሮጀክት ከቕርብ ኣለዎ። ፖለቲካውያን ሰልፊታት ሱዳን ርግኣትን ሃገራዊ ስኒትን ንምርግጋጽ ዝዓለመ ናይ ርሓቕ እስትራተጂ ክኣምኑሉ ኣለዎም።

**ሳልሳይ፡- ጂቡቲ**

1-ጂቡቲ ንኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ስግኣት እትፈጥር ሃገር ኣይኮነትን።

2-ጂቡቲ ካብ ፍሉይ ረብሓኣ ተበጊሳ፡ ወደባ ከም መተካእታ ወደብ ዓሰብ ኢትዮጵያ ክትግልገለሉ ኣፍቂዳ። እዚ ድማ ረብሓ ጂቡቲ ኣበይ ከምዝሎ ዘረድእ እዩ።

3-ጂቡቲ ነቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘለዋ ዝምድና መተካእታ የብሉን።

4-ሓድሽ ፕረዚደንት ጂቡቲ እስማዒል ገለ ኣብ ወሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ዘይምእታዉን ኢትዮጵያ ብዘይ ቀይዲ ኣፍደገ ባሕሪ ከም እትረክብ ምግባርን ዝብል መርገጺ ጂቡቲ ዝዓቀበ'ዩ ዝመስል። እዚ ድማ ምስ ጂቡቲ ድልዱል ዝምድና ንምምዕባል ዕድል ዝህብ እዩ።

5-ጂቡቲ ብጽቡቕ ድሌት ኢትዮጵያን በዚ ንክልቲኦም ወገናት ዘርብሕ ዝምድናን ዕግብቲ እያ።

**ራብዓይ፡- ሶማል**

1-ሶማል ኣብ ቀረባ ግዜ ቅቡል ዝኾነ ማእከላይ መንግስቲ ከተቐውም ዓቕሚ የብላን። እቲ ምኽንያት ከኣ ካብ ስርዓት ስያድ ባረ ዝተወርሰ ምፍንጫል ዝፈጠሮ እዩ። ጉዳይ ምቛም ትካላዊ ማእከላይ መንግስቲ ድማ ናይ ዝተወሰነ ቀጻላ ሕብረተሰብ ሶማል ድሌት ጥራይ ኣይኮነን።

2-ኣብ ትሕቲ'ዚ ዘሎ መሪሕነት ማእከላይ መንግስቲ ንምቛም ዝግበር ፈተነ ድማ ብዋጋ ህዝቢ ሶማል ከም ዝረብሕ ምግባር እምበር ተስፋ ዘለዎ ኣይኮነን።

3-ሶማላውያን ብዙሕን ዝተፈላለየን ኣጀንዳታት ከምዘለዎም ሕጂ ክእመን ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ስለዚ ምእንቲ ሰላምን ጸጥታን ዞባና ሶማል ሽግራት ክፈጥሩ ዝኽእሉ ብዝኸፍኡ ዝተፈላለዩ ስልጣናት ትምሕደር ከምዘላ ተረዲእና ክንሰርሕ ኣሎና።

4-ድሕሪ ምቛም ማእከላይ መንግስቲ ሶማላውያን ኮንፈደራላዊት ወይ ፈደራላዊት ሃገር ንምህናጽ ሓደን ናይ መጨረስታን ዕድል ክህልዎም እዩ። እንተ ኸፊኡ ግን እዚ ዘሎ ህልዊ ኩነታት ክቕጽል እዩ።

5-ኢትዮጵያ ድማ ነዚ ዘየሓጉሳ ኩነታት ሶማል ክትቅበሎ ጥራይ'ዩ ዘለዋ። ንምእንቲ ሃገራዊ ረብሓኣ ኣብ ሶማል ሕጂ ይኹን ንመጻኢ እዚ ዝስዕብ ኣጀንዳ ጥራይ'ያ ክትክተል ዘለዋ።

ሀ- መንግስቲ ኢትዮጵያ ሶማል ኢትዮጵያውያን ኣካል ናይ'ዚ ኣብ ሶማል ዝካየድ ዘሎ ፍልልያትን ቁርቁሳትን ንኸይኮኑ ምውሓስ፡ እዚ ድማ ብመጻዲ ክልላዊ መንግስቲን ደሞክራሲን ክረጋገጽ ይኽእል። ሶማላውያን ኢትዮጵያውያን ሶማልዊ ዓሌት ዘንጸባርቑ ክም ምሟኖም ማጠን ኣብ ዞባ ሶማል ኢትዮጵያ ምቹእ ስርዓት ምቛም ኣብ መጻኢ እንታይ ዓይነት ስርዓት ተቐውም ኣብነት ክኸውን ይኽእል እዩ።

ለ- ቀዳምነታት ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ሶማል ከኣ፡

1-ምድረ-ሶማል (ሶማሊ-ላንድ) - ኢትዮጵያ ንምድረ ሶማል ብወግዒ ክም ናጻ ሃገር ከይፈለጠት፡ ንምእንቲ ርግኣታ ኣድላዪ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓገዝ ክተቕርበላ ኣለዋ። ከምኡ'ውን ወደብ በርበራ ባህርያዊ ወደብ ንዞባ ሶማል ኢትዮጵያ ክም ምኳኑ ማጠን ኢትዮጵያ ክትግልገለሉ ኣለዋ። ምናልባት'ውን ናይ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብወደብ በርበራ ምግልጋል ከኣ ንክልቲኡ ወገናት ዘርብሕን ንክልተኣዊ ዝምድና ምድረ ሶማልን ኢትዮጵያን ዘደልድል እዩ።

2-ምድረ-ፑንት (ፑንት-ላንድ) ርግኣት ናይ'ዚ ምስ ኢትዮጵያ ዝዳወብ ምድረ ፑንት ብስትራተጂያዊ መዳይ ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ኢትዮጵያ ዝምድናኣ ምስ ምድረ ፑንት እንኮላይ ቁጠባኣ ንምሕያል ክትሰርሕ ኣለዋ። ርእሰ ምምሕዳር ዘለዎ ጉጅለታት ምቛም ከኣ ከተተባብዖ ይግባእ።

3-ምድረ-በናድር (በናድር-ላንድ)፡ ኣብ ማእከል ሶማል ዝርከብ ቀቢላ ሃውያ ኣብ ሃገራዊ ጸጥታ ኢትዮጵያ ጽልዋ ስለዘለዎ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብቅኑዕ ኣገባብ ንምፍታሕ ፍሉይ ኣቃልቦ ዘድልዮ እዩ። ከም ዝፍለጥ ኅይቶት ኩፍት ቀቢላ ሃውያ (ጀነራል ዓይዲድ መሓመድ ፈራሕን ንዕኡ ዝተክአ ወዱ ሑሴን ዓይዲድን) ሜልሻታቶም ካብ 1991 ጀሚሮ ጠንቂ ምቅጻል ኩፍት ኣብ ሶማል ኮይኖም እዮም። በዚ ሐዞምዎ ዘለዉ ኣገባብ ክቅጽሉ ከምዝኽእሉ'ውን ልዑል ግምት ኣሎ። እቲ ኣብኡ ሰፊኑ ዘሎ ዘይርጉእ ኩነታት ድማ ነቲ ምስ ማእከልን ደቡብን ሶማል ዝዳወብ ኢትዮጵያ ጸጥታዊ ሽግራት ክፈጥረሉ ይኽእል እዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ከኣ

ብሰንኪ ዝምድና ዓይዲድ ምስ ኤርትራን ምስሪን ኣብ ኢትዮጵያ ዕግርግር ንምፍጣር ብዝኽተልዎ እስትራተጂያዊ ረብሓ እናገደደ ከይዱ። ጎይቶት ከፍት ቀቢላ ሃወያ ከሳብ ዝሃለዉ ድማ እዚ ሽግር'ዚ ከቅጽል ልዑል ግምት ኣሎ። ስልጣኖም ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድማስ ዝተጸንዐ ስራሕ ምክያድ ኣገዳሲ እዩ።

3-ርሓናወያን:- ቀቢላ ርሓናወያን ብሕርሻን ማዓሰን ዝናበር ዝዓበየ ቀቢላ ከም ምኳኑ ማጠን ኢትዮጵያ ፍሉይ ተገዳስነት ክትህቦም ኣለዋ። ካብቶም ብቀጻሊ ዘስግእዎም ዝተረፉ ቀቢላታት ሶማሌ'ውን ዝተፈልዩ እዮም። ርግኣት ቀቢላታት ርሓናወያን ድማ ኣብ ጸጥታ ዶብ ኢትዮጵያ ኣስተዋጽኦ ክህልዎ እዩ። ናይ ገዛእ ርእሶም ሕጋዊ መንግስቲ ንምቛም ሓገዝ የድልዮም ኣሎ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ድማ ብዝተኻእለ ማጠን ዕጡቕ ተቓዋሚ ሓይሊ ርሓናወያን ካብ ኣባላት'ቲ ደሞክራስያዊ ባይታን ሕጋውነትን ዝነበሮ ዞባዊ ባይቶ ገለ ባእታታት ብምእታው ሲቪላዊ ሜሕነት ንኽቅወም ምቃጋቡ እዩ። ምብትታን ሶማል ንኢትዮጵያ ዘሐጉስ ኣይኮነን። ናይ ርሑቕ ረብሓ ኢትዮጵያ ከኣ ፈደራላዊ ወይ ኮንፈደራላዊ መንግስቲ ንምቛም ንጻዕሪ ሶማላወያን ምሕጋዝ እዩ።

**ሓሙሻይ:- ኬንያ**

1-ኬንያ ኩሉ ግዜ ምስ'ቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ቀጻሊ ህወከት ከም ናይ ርግኣት ደሴት'ያ ትርኣ። በዚ ኣብ ዞባና ዘሎ ኩነታት ድማ ብዙሕ'ያ ረቢሓ። ዘይርጉእ ኩነታት ዞባና ከኣ ንኬንያ ስሓቢት ገይሩዋ እዩ።

2-ኬንያ ብዙሓት ስደተኛታት ናብኣ ብምውሓዞም ብዝረኸበቶ ናይ ወጻኢ ረዲኤት ቀጠባዊ ጥቕሚ'ኳ እንተረኸበት ኣብ ሕብረተሰብ ኬንያ ፈኮስቲ ኣጽዋር ብምዝርግሑ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዘይርጉእ ኩነታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እያ ኮይና። ብሰንኩ ከኣ ንቱሪስትን ወፍሪን ዘለዋ ስሕበት ኣንቆልቂሉ።

3-ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኬንያን ዘሎ ጉዳያት ንምፍታሕ ምድላዋት ኣሎ። ሓደ ካብኡ ናብ ካልኦት ሃገራት ዞባና ክዝርጋሕ ዝኽእል ኮምሽን ዶብ ክጥቀስ ይከኣል።

**ሻዱሻይ:- ዓበይቲ ቀላያት**

1-ኣብ ዞባታት ዓበይቲ ቀላያትን ቀርኒ ኣፍሪቃን ጠፊኡ ዘሎ ሰላምን ርግኣትን ዳግመ ጠሚቱ ዘድልዮ እዩ።

2-ዓበይቲ ቀላያት ከም ኣካል ሃገራት ፈለግ ኒል ንኢትዮጵያ ሕጋዊ ረብሓን ሓባራዊ ሻቅሎትን ኣለዎ።

3-ኣብ ሪፓብሊክ ደሞክራስያዊት ኮንጎ ሓቀኛ ወይ ግምታዊ ረብሓታት ኣሎ ብዝብል ኩነታት ሃገራት ዓበይቲ ቀላያት እናንቀልቀለ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋንን ሓደገኛነት ጃምላዊ ህልቂት ኣብ ዝቅጽለሉን ኢትዮጵያ ከም ዞባዊ ሓይሊን ኣንጻር ጃምላዊ ህልቂት ብዘለዋ ጽኑዕ መርገጽን ኣብ'ቲ ዞባ ኣጀንዳ ሰላምን ጸጥታን ንምምዕባል ኣበርክቶን ሜሕነትን ክህልዋ ግድን እዩ።

**ሻቡዓይ፦ ምስሪ**

1-ምስሪ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ሓደ ካብኡ ንማይ ፈለግ ኒል ንምቁጽጻርን ካልእን ንኢትዮጵያ ከም ናይ መጻኢ ጸላኢታ'ያ ትርእያ።

2-ንምንጪታት ፈለግ ኒል ንምጥቃም ደሌታት ኢትዮጵያ እናዓበየ ብምኻዱ ምስሪ ንድሌት ኢትዮጵያ ደው ንምባል ዘይተቆጠበ ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ትርከብ።

3-ምስሪ ናብ ኢትዮጵያ ዝቀንዐ ሓደገኛ ኣጀንዳ ከምዘለዋ ኢትዮጵያ ግድን ክትርድኦ ዘለዋ እዩ። እዚ ድማ ናብ'ቲ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝቐንዐ ፖሊሲ ምስሪ ጽልዋ ኣለዎ።

4-ምስሪ ንኢትዮጵያ ዞባ ንምዕብላል ትሰርሕ ከምዘላ ስለእትርእያ ንምድኻማ'ያ ትሰርሕ። ንጸጥታኣ ናብ ሓደጋ ንምውዳቕ ድማ ንማይ ፈለግ ኒል ብብዝሒ ክትጥቀመሉ ትፍትን ከምዘላ'ያ ትቆጽራ። ስለዚ ከኣ ኣካል ናይ'ቲ ንጸጥታ ኢትዮጵያ ንምዝራግ ዝሰርሕ ሓይሊ ክትከውን ድልውቲ እያ።

5-ምስሪ ንኢትዮጵያ ናብ ሓደጋ ንምውዳቕ ንግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብምምዝማዝ ንኤርትራ ክትጥቀመላ ትርከብ።

6-ሶማል ብዝምልከት ድማ ምስሪ ኣንጻር ኢትዮጵያን ዞብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዝቐንዐ ፖሊሰኣ ንምዕዋት ንሐሴን ዓይዲድ ክትግልገለሉ ትርከብ።

7-ምስሪ ንኣጀንዳ ማስል ርእሰ ወሳነ ኢትዮጵያ ጽልዋኣ ንምሕያል እትጥቀመሉ ኣገባብ ገይራ ስለእትርእዮ ኣንጻሩ ብትሪ ደው ኢላ ትርከብ።

8-ኢትዮጵያ ንኣጠቓቕማ ማይ ፈለግ ኒል ብዝምልከት ምስ ምስሪ ግድን ክትዝቲ ኣለዋ። እዚ ጉዳይ'ዚ ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝድረት ጥራይ ዘይኮነስ ኩለን ሃገራት ፈለግ ኒል ክሳተፍኣ ኣለወን። እዚ ከኣ ኣብ ዝምድና ኢትዮጵያን ምስሪን እምበ ኩርናዕ እዩ። ኢትዮጵያ ጉዳይ ማይ ኒል ብዘይ ዋጋ ዕዳጋ ንሕጋዊ ረብሓታት ኣባል ሃገራት ብዝሕሉ ብፍትሓዊ ኣገባብ ክፍታሕ'ያ ትደሊ። ስለዚ ኢትዮጵያ ነቲ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝህወኽን ንኢትዮጵያ ስግኣት ዝፈጥርን ከም ኣብ ሶማልን ኤርትራን ተፈጠሩ ዘሎ ዕላማታት ምስሪ ደው ንምባል ኣበርቲዓ ክትሰርሕ ኣለዋ።

9-ምስሪ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበር ሃገራት ዓረብን ዝተፈላለየ ሜልክዕ ሐዛ ንኽትጻወት ኢትዮጵያ ትም ኢላ ክትርእየኒ'ያ ኢላ ብምሕሳብ ኣዕናዊ ፖሊሲታታ እንተ ድኣ ቀጺላቶ፡ ኢትዮጵያ ንመናወራታ ገደብ ንምትሓዝ ኣበርቲዓ ክትሰርሕ ምዃና ክትፈልጥ ኣለዋ። ስለዚ ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስሪ መጻኢ ቁጠባዊ ዝምድናታታ ኣብ ኣፍሪቃ ብዝምልከት ኣዝያ ጥንቅቕቲ ክትከወን ኣለዋ።

10-ኢትዮጵያ ብኣፍሪቃ ኣዝያ ከም እትግደስን ሕሚት ፖሊሰኣ ምዃኑን ሓንቲ ካብ መስረቲ ወድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ምዃናን ርዳእ ክኸወን ኣለዎ። ቤት ጽሕፈት'ቲ ወድብ'ውን ኣብ ኢትዮጵያ እዩ።

11-ኢትዮጵያ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ'ተን ምስ ረብሓ ምስሪ ዝገራጮ ሓባራዊ ረብሓ ዘለወን ሃገራት ፈለግ ኒል ጽልዋኣ ንምሕያል ጽኑዕ ድሌት ኣለዋ።

## ነቐፌታዊ ትንታነ ንሰነድ ኢትዮጵያ

ንነገራት ቅኑዕ መኣዝን ንምትሓዝ ኣብ ፖለቲካዊ ሰነድ ኢትዮጵያ ነቐፌታዊ ትንታነ ምቕራብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብመጀመርታ ኣብ'ዚ ሰነድ'ዚ ብንጹር ዝርአ ሰለስተ ትዕዝብቲታት ኣሎ፡ ንሱ ከኣ፦

ሀ- መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ እዋን ፕረዚደንት ቢል ክሊንቶን፡ ጆርጅ ቡሽን ባራክ ኦባማን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንኢትዮጵያ ከም ዞባዊ ሓይሊ ዝርኢ ፖሊሲ ኣሜሪካ መዘማዝዎ እዩ። ፖለቲካዊ ኣጀንዳኡ ንምትግባር'ውን ኣብኡ'ዩ ዝምርኮስ።

ማስርሕ ደሞክራሲ ንምሕጋዝ እንሓንሳብ ግብረሸበራ ንምምካት ድማ በቲ ካልእ እናበለ ዓብላልነቱ ንምርግጋጽ ብወክልና ይሰርሕ።

ለ- ሜሕነት ኢትዮጵያ ካብ ፖለቲካዊ ኣንነት ተበጊሱ ዘስዕበሉ ጉድኣት ግምት ከይሃበ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ዕንደራታት የካይድ።

ሐ- ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ጌጋታት ፈጺሙ። ስለዚ ብወገና ኣብ'ቲ ኤርትራ ብዝምልከት ኣብ ሰነድ ኢትዮጵያ ቀሪቡ ዘሎ ጥራይ ኢና ነቐፌታዊ ትንታነ ከነቕርብ።

1- ማንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ'ቲ ምስ ኤርትራ ዘካየዶ ናይ ሜጨስታ ኩናት ሰራዊቱን ሜሕነቱን ዝተኸተልዎ እስትራተጂ ዘመካሖ እንተ ድኣ ኮይኑ ናቱ ጉዳይ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ከበሃል ዝከኣል ግን ብዙሕ እዩ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ብብረት እናተኾብኮበ ዘካየዶ ሰብኣዊ ሜህበልን ዝወረዶ ገዚፍ ክሳራን ታሪኽ ዝምስክሮ እዩ። ዝተማረኹ ወተሃደራትን ሜራሕቲን ሰራዊት ኢትዮጵያ ባዕላቶም ዝተዛረብዎ ከኣ ጨቡጥ ሞርትዖ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ እንተ ድኣ ተደልዩ ድማ ንፍጻሜታት ናይ'ቲ ደማዊ ኩናት ዘቃልሓ ዝነበራ መጽሄታትን ጋዜጣታትን ኤርትራን ዓለምን ምውካስ ይከኣል እዩ።

2- ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኤርትራ ኩናት ከም ዝኸፈተትሎም'ዮም ዘመኽንዩ። ይኹን'ምበር ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝተወልዐ ኩናት ጠንቂ መን ምዃኑ ጽቡቕ ገይሮም ይፈልጥዎ እዮም።

2-1- ኤርትራ ኣብ 1993 ሉኣላዊት ሃገር ምስ ኮነት ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣሃዱታት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ዶብ ክልቲኤን ሃገራት 32 ኣባይቲ ብምቕናው ነበርቱ ዓዶም ገዲፎም ንኸኸዱ ብሓይሊ ብረት ኣገዲዶምዎም።

2-2- ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ዓድታት ኤርትራ ተጻብኦታቱ ምስ ቀጸሎ ድማ ብጠለብ መንግስቲ ኤርትራ ብ21,22 ሓምለ 1994 ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ኣኼበ ተኻይዱ። ልኡኽ ኤርትራ ጸሓፊ ህግደፍ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ከመርሖ ከሎ፡ ልኡኽ ኢትዮጵያ ድማ ብኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ምክትል ዋና ጸሓፊ ኢህወደግን ኣማኻሪ ቀዳማይ ሚኒስተርን ኣቶ ተወልደ ወልደማርያም ተመሪሑ። ይኹን'ምበር እቲ ኣኼበ ወጽኢት ኣይነበሮን።

2-3- ኣብ 1995'ውን ሰበ-ስልጣን ክልል ትግራይ ንሓረስቶት ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ኣቲኹም እናበሉ ዝኾነ ይኹን መጠንቀቕታት ከየቕረቡ የሳቕይዎም ነይሮም።

2-4- ብ7 ሰነ፡ 19 ሓምለን 4 ነሓሰን 1996 ድማ ሰበስልጣን ክልል ትግራይ ኣብ ከባቢታት ዶብ ንዝነብሩ ኤርትራውያን ብሓይሊ ካብ ዓዲታቶም ከስጕዎምን ኣባይቶም፡ ጥሪቶምን ሕርሻኦምን ክህግሩን ተራእዮም።

2-5- ግርጭታት ዶብ እተዕርፍ ንኡስ ኮሚቴ ድማ ብ22-27 ሰነ 1997 ኣኼባ ኣካይዳ። ኣብ'ቲ ርክብ ልኡኽ ኢትዮጵያ ወሃብ ኩነት ንምፍጣር በይናዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ዶብ ናይ ምምሕያሽ ፈተነ ኣካይዱ። እንተኾነ ልኡኽ ኤርትራ ኣህጉራዊ ዶብ ንምምልካት በይናዊ ስጉምቲ ምውሳድ ፍጹም ንጹግ ምዃኑ ኣስሚሩ።

2-6- ንግሆ 19 ሓምለ 1997 ድማ ክልተ ቦጦሎኒታት ካብ ሓይልታት ኢትዮጵያ ዶብ ኤርትራ ብምጥሓስ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንኡስ ዞባ ባዳ ደቡባዊ ምዕራብ ወደብ ምጽዋዕ እትርከብ ዓዲ-ምሩግ ወሪሮም ሒዞም። መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ብልቦና ብምሓዝ ጠንቂ ናይ'ቲ ብሓይልታት ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ግህሰት ዶብ ኤርትራ እንታይ ምዃኑ ሓቲቱ። ልኡኽ ኢትዮጵያ ድማ ንዕጠቓት ተቓወምቲ እጉጉሞ ንምህዳን ከም ዝኣተዉ ሓቢሮም። ይኹን'ምበር እቲ ሲናርዮ ኣብ ባደመ ውን ተደጊሙ። ተጻብኦ ኢትዮጵያ ጥርዓን ህዝቢ ኤርትራ።

2-7- ብ28 ሓምለ 1997 ግን ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ ዓዲ-ምሩግ ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ መሬት ኢትዮጵያ'ዩ ብምባል ሓቀኛ ዕላማ ወረራኦም ገሊጾም።

2-8- መንግስቲ ኤርትራ ካብ ልዑል ሓላፍነት ተበጊሱ ኣብ ዕንደራ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክኣቱ ስለዘይደለየን ነቲ ሽግር ብኣጋኡ ንምእላይን ብ8 ነሓሰ 1997 ብጸሓፊ ህግደፍ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝምራሕ ላዕለዋይ ልኡኽ ብምልኣኽ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ሞገጹ ክልወጥን ነቲ ኣብ ዓዲ-ምሩግን ባድመን ዝተፈጸመ ኩነታት ናብ ዝነበሮ ክመልሶን ሓቲቱ።

2-9- እቲ ኩነታት መመሊሱ እናኸፍአ ምስ ከደ ድማ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ16 ነሓሰ 1997 ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ነበር መለስ ዜናዊ መልእኽቲ ብምጽሓፍ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ ተማሕጺኑ። ትሕዝቶ መልእኽቲ ፕረዚደንት እዚ ዝስዕብ ነይሩ። " ሎሚ ክጽሕፈልካ ዝደረኸኒ፡ ኣብ ከባቢ ባዳ ዘሎ ኣተሓሳሳቢ ኩነታት'ዩ። ኣብ መንጎና ዘሎ ዶባት

ብልሚድ ዝተፈልጠ'ምበር ብልክዕ ሕንጻጹ ዝተነጸረን ኣረጋጊጽና ዝፈላለናዮ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ምስ ካልኣት ናይ ሰሜን መጻእቲን ዝምድናታትና ከኣ፣ ብዙሕ ኣቓልቦ ጌርናሉ ዝጸናሕና ጉዳይ ኣይኮነን። ንሓዋሩ'ውን ኣገዳስነቱ ወይ ኣከራኻርነቱ ዘሻቅል'ዩ ኣይብልን።

እዚ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ግን ሓሓሊፎም ኣብ ነንበይኑ እዋናት ብዝተፈላለየ ቀለልቲ ምኽንያታት ምስሕሓባት ከርኣዩ ጸኒሖም እዮም፣ ብዓቕሞም ከኣ፣ ኣብ ከከባቢኦም ብዝርከቡ ሓለፍቲ ብሕውነታዊ መንዲ ንምርግጋኦምን ንምፍታሖምን ክፍተን ጸኒሑ'ዩ። ኣብዚ መወዳእታ እዋን፣ ኣብ ዓዲ-ምሩግ ብሰራዊትኩም ብሓይሊ ዝተወሰደ ስጉምቲ ግን ናይ ብሓቂ ዘገሪሂ እዩ።

እቲ ጉዳይ ክሳብ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ስጉምቲ ምውሳድ ዘብጽሕ ምኽንያት ኣይነበሮን። ክሳብ ክንዲ'ዚ ኣቓልቦ ዝሓትት ኣገዳሲ ጉዳይ እንተ ነይሩ'ውን ብሕውነታዊ መንዲ ብምርድዳእ ንምፍታሑ ኣምበይ ምሸገረን። ብሰሩ ሕንጻጻት ዶባት ምስኣል ዘድሊ እንተኾይኑ'ውን ብዝሓሸ ኣገባብ ሃዲኣካ ኪፍታሕ ዝከኣል'ዩ። እቲ ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ምኽኑይ ናብ ዘይኮነ ምስሕሓብ ከየምርሕ ምግታኡ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝርኣየኒ ከኣ፣ ባዕልኻ ዓቃል ስጉምቲ ክትወስደሉ እላቦ" ኢሉ።

2-10- ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ብወገኑ ንሚልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዕለት ብዘይተጻሕፎ ሜልእኽቲ ነዚ ዝስዕብ ሜልሲ ሂቡ። (ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብ25 ነሓሰ ካልኣይ ሜልሲ ስለዝጸሓፈሉ ግን ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1997'ዩ ነይሩ።) "ዝጸሓፍካዮ ደብዳበ ርእየዮ። ኣብ ከባቢ ዶባት ዘሎ ኩነታት ጽቡቕ ከምዘይኮነ ኣነ'ውን ሰሚዐዮ ነይረ። በዓል የማ መጺኦም ከለዉ ምስ በዓል ተወልደ ከም ዝተዘራረብሉ'ውን ፈሊጠ ነይረ። እቲ ናይ ባዳ ጸገም ክፍጥር ይኽእል'ዩ ዝብል ግምት ኣይነበረናን። ምኽንያቱ እቶም ብጾትና ሒዞሞ ዘለዉ ቦታ ቅድሚ ሰሚ ዘካትዕ ቦታ ስለዘይነበረ። ኣብ'ቲ ዘሰሓሕበ ቦታታት ጥራሕ ኣቐዲምካ ምርድዳእ ከምዝድሊ ስለዝተራእየናን እዩ። ተረፍ ኡጉጉሞ ኣብ'ቲ ከባቢ ኮይኖም ነቲ እንገብሮ ዝነበርና ናይ ሰላም ጻዕሪ ይዘርጉልና ስለዝነበሩ ኢና። ካብቲ ቦታ ከነልግሶም ተንቀሳቒስና። ብዝኾነ ንዶባት ዝምልከት ቅድም ኢሎም በዓል ተወልደ ዝገበርዎ ምርድዳእ ስለዘሎ ንኡኡ ማብገሲ ጌርና ክነዘሓሕሎ ከምዘለና'ዩ ዝርኣየና። ምናልባት'ውን ዶብ ናይ ምጥራር ጉዳይ ብክልቴና ምድላው ተገይርሉ ናብ ሓደ ሜለቢ ምብጻሕ የድሊ ይኸውን።"

2-11- ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነቲ ጉዳይ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ንምፍታሕ ብ25 ነሓሰ 1997 ካልኣይ ሜልእኽቲ ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ማለስ ዜናዊ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ ሰዲዱ። " ዘሎኒ ሓበሬታ፡ እቲ ኣብ ዓዲ–ምሩግ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣብ ዘየከራኽር ቦታታት ዘይኮነ፡ ናትና ኣካላት ኣብ ዝነበሩዎ ከባቢ ኣባላትና ብምስዃግን ዝጸንሐ ምምሕዳር ብምፍራስን'ዩ ተወሲዱ። ንኡጉጉሞ ዝምልከት'ውን ቅድሚ'ቲ ስጉምቲ ምውሳዱ ንናትና ምክልኻል ብናትኩም ከምዝተሓበረን ናትና ኪተሓጋገዙ ይቀራረቡ ኣብ ዝነበሩሉ'ዩ እቲ ስጉምቲ ተወሲዱ። ኣብ ከባቢ ባድመ'ውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ተወሲዱ ኣሎ። ከምቲ ዝሓበርኩኻ፡ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲታት ኣድላይነት ምኽኑይ ኣይመስለንን። ብኣጋ ንምቁጽጻሩ ኪጥዕምን ንሓዋሩ ንምእላዩ ምእንቲ ኪጥዕምን ከኣ፡ ብወገንና ወዲ ኤፍረምን የማነ ወዲ ካሳን ነቲ ጉዳይ ኪከታተልዎ ሓሲብና ስለዘሎና፡ ብወገንኩም'ውን ብተመሳሳሊ መገዲ ወይ ይሓይሽ'ዩ ብእትብሎ ካልእ ኣገባብ ሰባት ማዚዝካ ቀልጢፎም ተራኺቦም ነቲ ጉዳይ እንተሓዝዎ ዝሓሸ'ዩ ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ'ሞ ሓሳብካ ኣካፍለኒ።

2-12- ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ኩነታት እናኸፍአ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ እዋን ድማ ነቲ ሽግር ብኣጋ ንምፍታሕ ኣብ ሕዳር 1997 ኣኼብ ከካይዱ ተሰማሚዖም። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብኣንጻሩ ይኸይድ ነይሩ። ነቲ ኩነታት ንምብራዕ ድማ ብዝተጸንዐ ኣገባብ ሰሪሑ። ብ12 ጥቅምቲ 1997 ከኣ ኣብ ጋዜጣ ወይን ወግዓዊ ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ንዝሰፍሐ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ውሽጡ ዘእተወ ሓድሽ ካርታ ክልል ትግራት ዘርጊሑ። ነዚ ከኣ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝገበሮ እምበር ብፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከምዘይኮነ ከመኽኒ ተራእዩ። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን ፈረቓን ብፍላይ ከኣ 8 ሕዳር 1997 ኣብ ዘወጽአ ሓድሽ ባጤራ "ብር" ነቲ ንሕግታት ኣህጉራዊ ዶባት ወድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዞባዊ ወድብ ሕብረት ኣፍሪቃን ወድብ ኢጋድን ዝግህስ ዘወጽአ ሓድሽ ካርታ ክልል ትግራይ ዘጠቓለለ ካርታ ኢትዮጵያ ኣስፊሩ።

2-13- መንግስቲ ኤርትራ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ጸገማት ብኣጋኡ ንምፍታሕ ዘካይዶ ዝነበረ ቀጻሊ ጻዕሪታት ድማ ብ13 ሕዳር 1997 ሓባራዊ ኮሚቴ ዶብ ቀዳማይ ኣኼብኣ ኣብ ኣስመራ ከም እተካይድ ገይሩ። እንተኾነ ግን ኤርትራ ኩነታት ንምህዳእ በቲ ሓደ ወገን፡ ኢትዮጵያ ከኣ ንምብራዕ በቲ ካልእ ኣብ

ዝቖጻደምኡ ዝነበሩ እዋን ብምኽያዱ ብዘይጭብጥ ፍረ ምዝዛሙ ዘገርም ኣይነበረን። ይኹን'ምበር ዶባዊ ፍልልይ ክሳብ ዝፍታሕ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ስሩዕ ኣኼባ ከተካይድ ተሰማሚዑ።

2-14- ብጥሪ 1998 ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ኢትዮጵያ ኣብ ማዕዶ ዓሰብ ምብራቓዊ ጫፍ ኤርትራ እስትራተጂያዊ ቦታታት ንምሓዝ ዝገበርዎ ምንቅስቓስ ንኤርትራ ሃንደበት'ዩ ነይሩ። እዚ ከኣ ቅድሚ ወሓድ ማዓልታት ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ሓባራዊ ኮሚቴ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምክያዱ ነይሩ።

2-15- ብ6 ግንቦት 1998 ድማ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ ባድመ ስሩዕ ማዓልታዊ ንጥፈታታ እተካይድ ዝነበረት ኣሃዱ ኤርትራ ሓደጋ ብምውዳቅ ንገለ ካብ ኣባላታ ቀቲለኦም። እታ ኣሃዱ ድማ ብዘይካ ናይ ነፍሰ ምክልኻል ሜሉሲ ምሃብ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበራን። መንግስቲ ኤርትራ ብወገኑ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ብህጹጽ ልኡኽ ናብ'ታ ናይ ሓባር ኮሚቴ ልኢኹ። እንተኾነ ግን ልኡኽ ኢትዮጵያ ነቲ ኩነታት ንምብራዕ ብዕላማ ይሰርሕ ስለዝነበረ ብዘይፍረ ተማሊሱ።

2-16- ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝተፈጥረ ሽግር መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ13 ግንቦት 1998 ህጹጽ ኣኼባ ፓርላማ ብምኽያድ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሓፈሻዊ ኲናት ክካየድ ምስ ኣወጀ ናብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ። እዚ ናይ ኲናት ኣዋጅ ንምምኽናይ ድማ መንግስቲ ኤርትራን ህግደፍን ዶባዊ ፍልልይ ብሓይሊ ክፈትሕዎ ወሲኖምን ሓይልታት ኤርትራ ድማ ብ12 ግንቦት 1998 ናብ'ቲ ዝሓትሉ ዝነበሩ መሬት ኢትዮጵያ ኣትዮም ዝብል ነይሩ። ስለዚ ብዘይቅድመ ኩነት ካብኡ እንተ ድኣ ዘይወጺኦም መንግስቲ ኢትዮጵያ ሉኣላውነት መሬቱ ንምኽባር ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

2-17- ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ ብ14 ግንቦት 1998 ኣብ ዋና ከተማ ኣስመራ ኣብ ዘካየዶ ህጹጽ ኣኼባ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝተፈጥረ ኩነታትን ኣዋጅ ፓርላማ ኢትዮጵያን ኣንጻር ኤርትራ ኲናት ንምክያድ ዘሕለፎ ወሳነን ብሰፊሑ ድሕሪ ምምይያጥ ሞገጺኡ ኣብዘን ዝስዕባ ሓሙሽተ ነጥቢታት ኣነጺሩ።

ሀ- ብዛዕባ ዶብ ዝፍጠር ፍልልያትን ዘይምርድዳእን ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ እምበር ብስነ-ሞነት ሓይሊ ስለዘይፍታሕ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንስነ-ሞነት ሓይሊ ብትሪ ይኹንን።

ለ- ብማሰረት ቀዳማይ ነጥቢ ዝኾነ ወገን እጀታይ'ዩ ዝብሎ መሬት ምስ ዝህሉ ብሕጋዊ ካርታታት ኣሰንዩ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዓለምን ብወግዒ ከፍልጦን ከምዚ ዓይነት ጉዳይ ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ እምበር ብወተሃደራዊ ሓይሊ ከምዘይፍታሕ ከረጋግጽን ኣለዎ።

ሐ- ብድሕሪ ሕጂ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝካየድ ዘተ ወሐስ ምእንቲ ክኸውን ተዓዘብትን ሳልሳይ ኣካል ኣብ ዘለውሉን ክካየድ።

መ- ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዘከራኽር ዘሎ ከባቢታት ካብ ህላወ ሰራዊታት ክልቲኣን ሃገራት ናጻ ይኸውን። እዚ ድማ ብወሕስነት መንጎኛ ይፍጸም። ብማዲ መንጎኛ ወይ ሳልሳይ ወገን ናብ ኣዕጋቢ ወጽኢት ክብጸሕ እንተዘይተኻእሉ ድማ እቲ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ይቐርብ።

2-18- ብ4 ሰነ 1998 ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ ብቛንቛ ኣምሓርኛ ኣብ ዘመሓላለፎ መገለጺ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ሃገራዊ ሉኣላውነት ንምኽባር ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ሐዚዎ ዘሎ መሬት ንምምላስ ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ ተኣዚዙ ኣሎ ክብል ገሊጹ። ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ድማ ነፈርቲ ኲናት ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ ኣህጉራዊ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ብምድብዳብ ህጻናት፡ ደቀንስትዮን ሽማግለታትን ቀቲለን። እዚ ንክልተ ዓመትን ፈረቓን ዝቀጸለን ሰራዊት ኢትዮጵያ ሰለስተ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ወራራት ዘካየደሉን ብማዕራባውያን ገምጋምቲ 71 ሽሕ ዓቕሚ ሰብ ዝኸሰረሉን ከምኡ ድማ ኤርትራ ንምእንቲ ሉኣላውነታን ናጽነታን 19 ሽሕ ስዉኣት ዝኸፈለትሉን ደማዊ ኲናት ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ተወሊዑ።

3- መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ግንባር ዓሰብ ዘካየዶ ሳልሳይ ወተሃደራዊ ወራር ብዘሕፍር ኣገባብ ምስ ፈሸለ 1- ወተሃደራዊ ዓቕሚ ኤርትራ ንምዕናው፡ 2- ሃገራዊ መንግስቲ ኤርትራ ንምውዳቕ 3- ቀጠባ ኤርትራ ንምዕናው 4- ህዝቢ ኤርትራ ንምብርካኽ 5- ሃገራዊ ሓድነት ኤርትራ ንምብታን 6- መጋርሒ ዝኾና ሃሱስ መንግስቲ ኣብ ኣስመራ ንምትካል 7-

ሃገራዊ ሜሬት ኤርትራ ከምቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ብማሰረት ብሄራት ንምብትታንን ንገለ ክፋል ምብራቃዊ ጫፉ ገማግም ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምጽንባርን ዝዓለመ ፖለቲካወን ወተሃደራወን ኣጀንዳኡ ምስ ፈሸሎን ብ18 ሰነ 2000 ኣብ ኣልጀርስ ተጻብኦ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ክፍርም ተቀሲቡ።

4- ብ13 ለካቲት 2002 ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ መግዛእታዊ ወዕላትን ኣህጉራዊ ሕግታትን ተመርኩሱ ናይ ሜጨፈስታን ቀያዲን ወሳነኡ ኣሕሊፉ። ዓንቀጽ (14-ሀ) ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ'ቲ ነቲ ስምምዕ ዝግሃሰ ሓደ ወገን ወይ ክልቲኦም ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድን ብመሰረት ሻቡዓይ ምዕራፍ ቻርተር ወድብ ሕቡራት ሃገራት ሓይሊ ክጥቐምን ማሰል ከምዝለዎ ይሕብር። ከምቲ ግቡእ ምምልካት ዶብ ኣብ ባይታ ኣብ ሕዳር 2003 ክትግበር ነይሩዎ። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኸይትግበር ክንቅፍ ጸኒሑን ኣሎን። ባይቶ ጸጥታ ድማ ክሳብ'ዛ ሰዓት እዚኣ ኣስቂጡ ይርከብ። ከም ዝፍለጥ ስርዓት ኢትዮጵያ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ወሳነ ምስ ሃበ፡ ቅድሚ ኩሉ'ዩ ተቐቢሉዎ። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ወን ኤርትራ በቲ ወሳነ ክትቅየድ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ከገድዳ ጸዊዑ። እንተኾነ ግን ሞገጺኡ ብምልዋጥ ቀዳማይ ሚኒስተሩ ብ19 መስከረም 2003 ናብ ዋና ጸሓፊ ወድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ኮፊ ዓናን ኣብ ዝሰደዶ ሜልእኽቲ ወሳነ ኮምሽን ዶብ ዘይሕጋወን ዘይፍትሓወን ዘይሓላፍነታወን ምኳኑ ብምምልካት፡ ቤት ምኽሪ ጸጥታ መተካእታ ናይ'ቲ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ዝቆመ ኮምሽን ዶብ ካልእ መካኒዝም ክፈጥር ጸዊዑ። ኤርትራ ድማ ነቲ ኢትዮጵያ ንኮምሽን ዶብን ወሳነታቱን ንምፍራስ ዘወጽኣቶ ወጥን ብትሪ ነጺጋቶ። ዕላማ ኢትዮጵያ ስለዝተቃልዐ ድማ ኮምሽን ዶብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝኣተዎ መብጽዓን ስምምዕን ክፍጽም ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመት ዘይተቆጠ ጻዕሪታት እኳ እንተካየደ ወጽኢት ስለዘይረኸበሉ ብ27 ሕዳር 2006 ብመገዲ ኣቦ መንበሩ ሚስተር ኣልያሁ ሎተርባኽ ዝርዝራዊ ጸብጻብ ናብ ዋና ጸሓፊ ወድብ ሕቡራት ሃገራት ብምልኣኽ ንመስርሕ ትግባረ ምምልካት ዶብ ንምዕላፍ ኢትዮጵያ ዝፈጠረቶ ዕንቅፋታት ብምዝርዛር ብካርታ ዝተሰነየ ሰነድ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣቕሪቡ። ኮምሽን ዶብ

መወዳእታ ኣብ ዘይብሉ ግዜ ክቅጽል ከምዝይኮነ'ውን ኣፍሊጡ። ክልቲኦም ወገናት ኣብ ወሽጢ 12 ኣዋርሕ ማለት ክሳብ መወዳእታ 2007 ኣብ ስምምዕ እንተዘይበጽሖም ወይ ኮምሽን ዶብ ንጥፈታቱ ንኽቅጽል እንተዘይሓቲቶም ኮምሽን ዶብ ስራሓቱ ከም ዝፈጸመን ብ13 ሚያዝያ 2002 ዘሕለፎ ወሳኒ እቲ እንኮ ንዶብ ክልቲኣን ሃገራት ዘብርህ ምዃኑን ሓቢሩ። ኮምሽን ዶብ ብ7 ጥሪ ናብ ዋና ጸሓፊ ወድብ ሕቡራት ሃገራት ባንኪምን ኣብ ዝሰደዶ ማብል 26 ጸብጻቡ ድማ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ወረቐትን ካርታን ከም ዝተወድአን ካብዚ ሰነድ'ዚ ንክልቲኦም ወገናትን ንቤት ጽሕፈት ኣሃዱ ካርታ ወድብ ሕቡራት ሃገራትን ከም ዝተዋህበን ኣረጋጊጹ።

5- ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝተወልዐ ኲናት ናይ ዶብ ፍልልይ ዝጠንቁ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ከምቲ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ብሓምለ 1998 ዝገለጾ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝበዝሑ ህጻናት፡ ደቀንስትዮን ሽማግለታትን ዝርከብዎም ኣስታት 80 ሽሕ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ ማብቆል ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን ሕብሪ ዓይንኹም ባህ ኣይበለናን ብማባል ኣይምስጎጎምን ነይሩ። ከምኡ'ውን ኮምሽን ዶብ ከም ዝምስክሮ ንገለ ክፋል ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጡ ኮፍ ኣይምበለን። ብተወሳኺ ነቶም ብኲናት ዝተማዛበሉ ኣስታት 70 ሽሕ ኤርትራውያን ናብ ዓድታቶም ንኸይምለሱ ኣይምኸልከለን። ንዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ናብ ንቡር ንምምላስ ኣይምሓንገደን። እንተኾነ ግን ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ከምዝለዋ ሓቂታት ኣረጋጊጽዎ እዩ። እንሆ ድማ ሕጂ ንሳን ዝሕግዝዋ ሓይልታትን ብኻልእ ዝተፈልየ ሜላ ከዕ ኣንጻር ኤርትራ ኲናቶም ይቅጽልዎ ኣለው።

5-1- ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ቀጠባውን ዓቕሚ ኤርትራ ንምጽንቃቕ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ኣይሰላም ኣይኲናት ኩነታት ከም ዝቕጽል ገይሮም።

5-2- ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድማ ካብ ንዕቀት ዝብገስ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣካይዶም።

5-3- ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዝነበረ መለስ ዜናዊውን እዚ ሕጂ ዘሎ ሃይለማርያም ደሳለኝን ንስርዓት ኤርትራ ንምቅያርን ከም መተካእታ ሃገራዊ መንግስቲ ኤርትራ ሓደ መሳርሒ ዝኾኖም ሃሱስ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ንምትካልን ይሰርሑ ከምዝለዉ ዘየወላውል ንጹር ጋዜጣዊ መግለጺ ሂቦም እዮም። እዚ ድማ ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ሓላፍነት ከምዝይስምዖምን ብግህዶ ንኣህጉራዊ ሕግታት ከም ዝግህሱን ብንጹር ዘብርህ እዩ።

5-4- ኣብ ገለ ከባቢታት ዶብ ኤርትራን ሱዳንን፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ግብረሽበራዊ መጥቃዕቲታት ዘካይዱ ጥሩፋት እስላማውያን ባእታታት ኣዕጢቑን ኣሰልጢኖን።

5-5- ብዘይመርትዖ ናይ ሓሶት ክሲታት ኣንጻር ኤርትራ ብቀጻሊ ብምቅራብ ድማ ብመንዲ ኣሜሪካ ዓሚቚ እገዳ ንምብያን ተጓዪዮም።

5-6- ብኩሉ ሚኪፈልያውን ክላሲካውን ኣገባባት ብመንዲ ሜዕከናት ዜናን ብወኪል ሜኢከል ስለያ ኣሜሪካ ብዝምወሉ ወድባትን ድማ ምስሊ ኤርትራ ንምድዋን ጽዒሮም።

5-7- ኣብ ወጻኢ ንዝነብሩ ኤርትራውያን ካብ ሃገሮምን ቤተሰቦምን ንምንጻል ሕሱር ፖለቲካ ኣካይዶም።

5-8- ናይ ሓሶት መበጽዓታት ብምዝርጋሕ መንእሰያት ኤርትራ ካብ ሃገሮም ንምውጻእን ግዳይ ዕዳጋታት መሸጣ ኣካላት ወዲ-ሰብ ንምግባሮምን ዘነወር ኢሰብኣዊ ተግባራት ፈጺሞም። ነቲ ብክፍልታት ጸጥታን ወድባትን ኣብ ገለ ኤርትራውያን መንእሰያት ዝፍጸም ገበን ድማ በቲ ዝወንንዎ ሜዕከናት ዜና ብሓሶት መንግስቲ ኤርትራ ከም ዝፈጸሞ ኣምሲሎም ንኤርትራ ወንጂሎም።

6- ኣብ ፖለቲካዊ ሰነድ ኢትዮጵያ ሰፊሩ ካብ ዘሎ ዘገርም ጉዳይ ድማ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ጸጥታን ርግኣትን ኢትዮጵያ ንምዝራግ ናይ ካልኣት መሳርሒ ኮይና ኣላ ምባሉ እዩ። እንተኾነ ግን እቲ ሓቂ ካልእ እዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ዘይርጉእ ጸጥታዊ ኩነታት ኣላ እንተ ድኣ ኮይና ንመንግስቲ ኤርትራ ዝምልከት ኣይኮነን። ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይርጉእ ኩነታት ሓላፍነት ዝስከም ባዕሉ መንግስቲ ኢትዮጵያ እዩ። ስርዓት ኢትዮጵያ በቲ ወሸጣዊ ፖሊሲኡ ኣብ ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ ዝፈጠሮ ግርጭት

ይጻወት ኣሎ። ኣብ ሜጬስታ እቲ ዝወልዖ ሓዊ ንባዕሉ ከምዝልብልቦ ግን ኣይተረድኦን ኣሎ።

ኤርትራ ኣብ ታሪኻ ናይ ደገ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ንምትግባር መሳርሒ ኮይና ኣይትፈልጥን እያ። ከምኡ'ውን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ወሽጣዊ ጉዳዩ ይኹን ኣብ ዞባዊ ጉዳይ ናንይ ወጻኢ ምትእትታው ብትሪ'ዩ ዝነጽጎ። ብኣጻሩ ስርዓታት ኢትዮጵያ ካብ ዘመን ሃጸያት ጀሚርካ ክሳብ'ዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ወያነ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ናይ ወጻኢን ኣሜሪካን ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ኣብ ምትግባር ብኣብነት ዝግለጹ እዮም። መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ገለ ሃገራት ዞባና ብፍላይ ከኣ ምስ ኤርትራን ሶማልን ዘካየዶ ብርክት ዝበለ ወግኣት ካብ ፍጹም ናይ ኢትዮጵያ ኣጀንዳ ዝተበገሰ ኣይነበረን። ኢትዮጵያ መሳርሒ ከምዝነበረት ዘረጋግጽ መርትዖታት ድማ ብዙሕ እዩ። ከም ዞባዊ ሓይሊ ኮይና ንመጻኢ ዕድል ሃገራ'ዚ ዞባ ንምቁጽጻርን ኣብ ወሽጣዊ ጉዳይ ዓበይቲ ቀላያት ንምእታውን መሳርሒ ምምሕዳር ኣሜሪካ ካብ ምኳን ድሕር ትብል ሃገር ኣይኮነትን። ከምኡ'ውን ናይ ካልኦት ኣጀንዳ ንምግልጋልን ንናታ ሕሳባትን ንሜዩ ፈለግ ኒል ብምምዝማዝ ኣንጻር ምስሪ ኣብ ግርጭት ኣትያ ትርከብ።

7- ኢትዮጵያ ንጸጥታ ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ንምውሓስ ካብ'ቲ ኣብ ፖለቲካዊ ሰነዳ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓይሊን ብዝሒ ህዝብን ጥራይ ምውናን እኹል ኣይኮነን። ኣብ ዞብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓበይቲ ቀላያትን እትኸተሎ ናይ ወጻኢ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኣጀንዳኣ ህልዊ ጸገማት ኣፍሪቃ ኣብ ምፍታሕ ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንምዕጋብ ላዕልን ታሕትን ክትብል ትርከብ። ንፍጻሜታት ናይ'ዚ ዞባ'ዚ እንተ ድኣ ተመልኪትና ድማ ነቲ ጸገም ኣብ ምፍጣር ኢትዮጵያ ዝዓበየ እጃም ከምዝለዋ ኢና ክንርዳእ ንኽእል። ስለዚ ከኣ ብወድዓውን ግብራውን ክውንነት እወታዊ ተራ ክትጻወት ብቑዓት የብላን። ኢትዮጵያ ንህዝባ ሰላምን ጸጥታን ከተውሕስ ዘይከኣለት ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓበይቲ ቀላያትን ሰላም ከተስፍን ከመይ ገይራ ትኽእል!? ታሪኽ ኢትዮጵያ ኣብ መስፍናዊ ወተሃደራዊ ዝተሰረተ እዩ። ዝሓለፉን ዘለውን ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ዘመን መስፍናዊ ምስፍሕፋሕ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከም ዘብቕዐ ዝተረድኡ ኣይመስሉን እዮም። ምኽንያቱ ገና ብዋጋ ሉኣላዊ ሜሬት

ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ሶማልን ኬንያን እቲ ናይ ምስፍሕፋሕ ዕላማ ኣይገደፍዎን ኣለዉ።

7-1- ብሕጊ ጫካ እትግዛእ፡ ንኣህጉራዊ ሕግታት እትግህስን ንዝኣተወቶ መብጽዓ ዘይትኸብርን ሃገር ኣብ ዞባና እውተዊ ታሪኻውን ፖለቲካውን ተራ ከሚዒ ገይራ'ያ ክትጻወት ትኽእል? ፖለቲካዊ ተግባራት ኢትዮጵያ ኣብ ቅድሚ ዓለም ንጹር ስለዝኾነ እቲ መልሲ ርዱእ እዩ። ርሑቕ ከይከድና፡-

7-1-1- ኢትዮጵያ በቲ ኣብ 2000 ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ወድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኣብ ዝተረኽበሉ ምስ ኤርትራ ዝኸተመቶ ስምምዕ ኣልጀርስ ኣይተማእዘዘትን።

7-1-2- መንግስቲ ኢትዮጵያ ንትግባረ ናይ'ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ናይ ሜጨስታን ቀያዲን ብይን ኮምሽን ዶብ ነጺጉ።

7-1-3- መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዛዕባ'ቲ ሰላማውን ጸጥታውን ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ ኣጀንዳኡ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ከዕግብ ከምዝደሊ'ዩ ዝገልጽ። እንተኾነ ግን ነቲ ኣዕናዊ ፖለቲካዊ ተግባራቱ ዘንጸባርቕ ስለዝኾነ ብግብሪ ኣሉታዊ ዕግበት'ዩ ፈጢሩ። ምኽንያ ካብ ዝኾነ ካልእ ነገር ንላዕሊ ሽግራት'ዩ ዝወልዕ። ንኣብነት ኣብ 1998 ኣንጻር ኤርትራ ዝወልዖ ኩናት ክጥቀስ ይከኣል። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ከም ዝምስክሮ ንኣህጉራዊ ሕግታት ብምጥሓስ ንሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጡ ኣሎ። ኣብ ኤለክትሮኒካዊ መርበብ ወድብ ሕቡራት ሃገራት ተሰኒዱ ከምዝሎ ንሶማል ብቀጻሊ ተጻቢኡ። ንኣብነት ኣብ 2006 ዘካየዶ ወራር።

8- ስርዓታት ኣዲስ ኣበባ ብዝወረዶም ፖለቲካዊ ፎብያ ኣብ ኣእምሮኦም ብዝተቐርጸ ጉጉይ ኣተሓሳስባ ንኤርትራ ምኽሳሶም ናህና ሓጥያት ኣይኮነን።

9- መንግስታት ኢትዮጵያ ሎሚ ውን ከም ትማሊ ናይ ዓበይቲ ሃገራት ኩናት ብወኪልና እናካየደ ጉጉይ ናይ ወጻኢ ፖሊስኡ ዝፈጠሮ ጸገም ናብ ካልኦት ክጥቅዖ ምድላዩ ከንቱ ፈተነ እዩ።

10- መንግስቲ ኢትዮጵያ ሜሕነት ኤርትራ ናይ ዕብለላ ጥሜሕ ኣለዎ'ዩ ዝብል። እቲ ሓቂ ግን እቲ ናይ ሜሕነት ኤርትራ ጥሜሕ ዝብሎ ናቱ ጥሜሕ እዩ። ጥሜሕ ሜሕነት ኤርትራ ኣብ ዞባና ሰላም፡ ጸጥታ፡ ርግኣትን ምዕባለን ናይ ምርግጋጽ ድሌት ጥራይ እዩ። ብኣንጻሩ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዞባና ናይ ወራርን ዕብለላን ጥሜሕ ዓብሊሎዎም ይርከብ።

11- መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ክሳብ ስልጣን ኣዲስ ኣበባ ዝሕዝ ኣብ ምስልጣኑን ምዕጣቑን ዝተጻወቶ ዓቢ ተራ ብምርሳዕ ንምጽላሙ ምኑያዩ ዘደንጹ እዩ። ወሽጣዊ ሽግራት ኢትዮጵያ ኣብ ምፍታሕ'ውን ዓቢ ናይ ምትሕግጋዝ ተራ ተጻዊቱ እዩ።

12- ሜሕነት ኢትዮጵያ ህዝባዊ ግንባር ክሓቀሉ'ዩ ዝሓልም። እንተኾነ ግን ወያነ ዘይፈለጦ ህዝባዊ ግንባር ኤርትራ ክሳብ ዘላ ኣሎ። ኤርትራ ድማ ንዘለኣለም ክትህሉ እያ። ስርዓት ወያነ ድማ ሓቂቁ ከምቲ ንኢምፕሮጦርያዊ ስርዓት ዘጋጠሞ ዕጫ ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ክድርበ እዩ። ስለዚ እቲ ጉዳይ ናይ ግዜ ጥራሕ እዩ። ምኽንያቱ ስርዓት ኢትዮጵያ ብዝኽተሎ ዘሎ ዕሽላዊ ናይ ወሽጥን ዞባን ፖሊሲ መቓብሩ ባዕሉ'ዩ ዝኾዕት ዘሎ። ኣብ መጨረስታ ድማ ህዝብታት ኢትዮጵያ ነቲ ን23 ዓመታት ኣብ ልዕሊኦም ተጻዒኑ ዘሎ ኣደራዕ ንምእላይ ይንዋሕ ይሕጸር ወሳኒ ቃሎም ከስምዑ እዮም።

13- ስርዓታት ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ንዕቀቶም ዶብ ስኢኑ ብዘይተቆጻጻሪ ወተሃደራዊ ዕንደራኦም ምእንቲ ክቅጽሉ ክሳብ ሰራዊት ኤርትራ ክጎድልን ዓበይቲ ኣጽዋር ከይዓጥቅን ናብ ምሕታት በጺሖም ኣለዉ። እንተኾነ ግን ዶቦም እንተ ደኣ ሰጊሮምን ንኣስፋሕፋሒ ጥሙሓቶምን ወተሃደራዊ ዕንደራኦምን ገደብ ዘይገይሮምሉ ሰራዊት ኤርትራ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ዓጸፌታ ክምልስ ድልዊ እዩ።

14- ብኣንጻር'ቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ዝብልዎ ኤርትራ ንኢትዮጵያ ስግኣት እትፈጥር ኣይኮነትን። እኳ ድኣ ድሕሪ ናጽነታ 1992 ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ'ቲ ንፍርቂ ዘመን ብስርዓት ሃይለ ስላሰን መንግስቱ ሃይለማርያምን ዝወረዶ ስቓይን መከራን ተገላጊሉ ሰላምን ጸጥታን ምእንቲ ክረክብ ወሳኒ ጸገማቱ ኣብ ምፍታሕ ተበግሶ ወሲዳ እያ። እንተኾነ ግን ስርዓት ኢትዮጵያ ቅድሚ ንካልኦት ንነፍሱ ዘታልል ካብ ኮነ ዝግበር ነገር የለን።

15- ብሓወን ዓረርን ዝገዝእን ምርጫታት ዝትምይንን ዘሎ ናይ ወሑዳት ብሄር ትግራይ ስርዓት ዝኾነ ስርዓት ኢትዮጵያ ከይሓነኸ ንካልኦት ብዛዕባ ደሞክራሲ ትምህርቲ ክህብ ምፍታኑ ዘስደምም እዩ። ዘስሕቕ ተዋስኦ ካብ ኣቕረበ ድማ ከም ዳእላ ሓቅኻ ጥራይ ምባሉ ይሓይሽ።

16- ስርዓት ኢትዮጵያ ምስ ሓላፍነት ዘይስምዓ ኤርትራ ብሜሪ ክንጥመት የብልናን'ዩ ዝብል። እንተኾነ ግን ነዊሕ ከይከድና ኤርትራ ፍልልያታ ብሕጋዊ ኣገባብ ከም እትፈትሕን ወሳነ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ከም እተኽብርን መላእ ማሕበረሰብ ዓለም ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ብኣንጻሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንወሳነ ኮምሽን ዶብ ነጺጉ፡ ንኣህጉራዊ ሕግታት ጥሒሱ ይርከብ። ስለዚ ንኩሉ ስምምዓትን ኣህጉራዊ ወዕላትን እተኽብር ኤርትራን ንስምምዓትን ኣህጉራዊ ወዕላትን እትግህስ ኢትዮጵያን ከተወዳድረን ዝከኣል ኣይኮነን።

17- ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ኢትዮጵያ ጥራይ ኣይኮነትን። ሓንቲ ሃገር ብኣህጉራዊ ሕግታት ትቕየድን ንዝኣተወቶ ቃል ተኽብርን ግቡኣታ ትፍጽምን እንተ ድኣ ኮይና ኣብ መንጎ ሃገራት ዝገዝእ ኣህጉራዊ ሕግታት'ውን ኣሎ። በዚ መዳይ'ዚ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብኣህጉራዊ ሕግታት ስለዘይቕየድ ናይ ብሓቂ ንኣሉታዊ ኣብነት ዝወከል እዩ። ኤርትራ ንኢትዮጵያ ብክልቲኡ ወደባታ ምጽዋዕን ዓሰብን ክጥቀም ኣፍቂዳተላ ከም

ዝነበረት ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ከኣ ንምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ጥራይ ዝሸፍን ናይ ኢትዮጵያ ብር እያ ትኸፍል ነይራ። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንለጋስ ኢድ ኤርትራ ነኺሱዎ። ስርዓታት ኣዲስ ኣበባ ከኣ ከምቲ ኣቡጠይብ ኣልመተነቢ "ንለጋስ እንተ ለገስካ ከበርካ፡ ንጠሚዕ እንተ ለገስካ ድማ ሓሰርካ" ዝበሎ እዮም ፈጺሞሞ።

18- መንግስቲ ኢትዮጵያ "ንሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ረብሓታተን ኣብ ግምት ብምእታው ሰላምን ርግኣትን ንኸረኽባ ኣበርቲዐ ክሰርሕ'የ፡ እዘን ሃገራት እዚኣተን ከኣ ንነፍሰን ክከላኸላ ዓቕሚ የብለንን" እዩ ዝብል። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሰላምን ርግኣትን ሽግራትን ህዝቡ ፍጹም ከምዘይግደስ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ኢትዮጵያ ብዘየወላውል ዝምስክሮ እዩ። እሞኸ ድኣ ነዞም ብውተሃደራዊ ዕንደራኡን ተጣእዒ ፖሊስታቱ ዝሳቐዩ ዘለዉ ህዝብታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድኣ ከመይ ኢሉ'ዩ ረብሓታቶም ክሕልወሎም!?።

19- መንግስቲ ኢትዮጵያ ንናጽነት ኤርትራ ከም ዝተሰማምዓሉ'ዩ ኣብ ፖለቲካዊ ሰነዱ ዝገልጽ። እዚ ግን ወጹእ ሓሶት እዩ። እቲ ሓቂ ኢትዮጵያ ንድሌት ናይ'ቲ ንናጽነቱን ሓርነቱን ንፍርቂ ዘመን (1961-1991) ጅግንነታዊ ቃልሲ ዘካየደ ህዝቢ ኤርትራ'ያ ተንበርኪኻ። ንሰራዊት ኢትዮጵያ ከኣ ዘሕፍር ስዕረት ኣስኪማ። መባእ ናጽነት'ውን ኣስታት 100 ሽሕ ሰማእታት ከፊሉ።

20- ተኸታተልቲ ስርዓታት ኣዲስ ኣበባ ብሕሱርን ዘይሓላፍነታውን ኣገባብ ካብ ጊዜ ናብ ግዜ ከም ፖለቲካውን ቀጠባውን ዕጥቂ ዘፈራርሕሉ ጉዳይ ማይ ፈለግ ኒል እዩ። ከምቲ ስርዓት ኢትዮጵይ ዝኣምነሉ ጉጅላዊ ኪዳናት ብምቛም ዝፍታሕ ዘይኮነስ ንህልውን መጻኢን ናይ ማይ ሽግራትን ፍልልያትን ሃገራት ፈለግ ኒል ንረብሓ ኩሉ ብዘገልግል ኣብ መንጎኣን ብዘካይድኦ ልቦናውን ሓላፍነታውን ዘተ እምበር ብምፍርራሕን ፈኸራን

ዝፍታሕ ኣይኮነን። ረብሓ ህዝብታት ፈለግ ኒል ክሕሎ እንተ ደኣ ኮይኑ ድማ፡ ነቶም ናይ ማይ ከፍት ዝብህጉ ዕድል ዘይምሃብ እዩ። ማይ ፈለግ ኒል ንሰብን መሬትን ከርዊ፡ ንዝወላዕ ሓዊ ከጥፍእ ኣለዎ'ምበር ርሑስን ንቑጽን ዘንድድ ላምባ ክኸውን የብሉን።

21- እቲ ኣንጻር ኤርትራ ኣብ ዋሽንግቶን፡ ኒወዮርክ፡ ጀነቫን ኣዲስ ኣበባን ዝመሃዝ ናይ ሓሶት ጸለመታት ካልእ ይትረፍ እቶም መሃዝቱ ንባዕሎም ዝኣምንሉ ኣይኮኑን። ነዚ ቅሉዕ ጸለመ ዚ ዝቅበሉ ድማ እቶም መጻወቲ ካርታ ዘይፈልጡ ወይ ሓይሊ ዘይብሎም ከምኡ ድማ እተን ካሮት ደልየን ወይ ነብሰንን ስልጣነንን ንምሕላው በትሪ ፈሪሐን ደድሕሪ ምምሕዳር ኣሜሪካ ሎኽ ዝብላን ኣጀንዳኣ ዝትግብራን ሃገራት ጥራይ እየን።

22- ኣሜሪካን ኢትዮጵያን ኣንጻር ኤርትራ ዘካይድኦ ወዲታት ዕላማኡ ክወቅዕ ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ንመኸተ ኣብ ወሽጥን ወጻኢን ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝያዳ ኣሓይልዎ። ከምኡ'ድማ ነቲ ዓንዲ ሕቖ ሃገራዊ ናጽነትን ሉኣላውነትን ናጻ ፖለቲካዊ ወሳነን ዝኾነ ሃገራዊ ሓድነት ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ከም ዓረ ኣትሪሩዎ።

23- ንታሪኻዊ ጉዕዞ ኤርትራ ብሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያን በቶም ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ፖለቲካዊ ኣጀንዳኦም ንምትግባር ከም መሳርሒ ዝጥቀምሉ ሓይልታትን ዘጋጥም ዘሎ ዕንቅፋታት ገና ቀጻሊ'ዩ ዘሎ። ይኹን'ምበር ምስ ምብዛሕ ዕንቅፋታትን ወዲታትን ጽንዓት ኤርትራ'ውን ዝያዳ እናተረረ ከይዱ። ስለዚ ከኣ መስርሕ ጉዕዞ ኤርትራ ሎሚ ከም ትማሊ ብስነ-ሞነት መኸተን ብድሆን ዝተገዝአ ምኳኑ ዘገርም ኣይኮነን። ኣብ ሜፎስታ ከኣ መስመር ሓቂ ከም ዝዕወት ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ትርጉም – **ዐቕባስላስ ሜዛሪ (ወዲ ቀሺ)**

.